# ምስ ብጾት ክ/ማሪያም ስቛር /ሓረስታይ/ ሙሉ ነጋስን ዝተገብረ ቃለ-መጠይቕ

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ እዚ ቃለ-መጠይቕ'ዚ ብረድዮ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ ብ4ተ ክፋል ዝተቓለሐ ኮይኑ ሕጂ ድማ እነሆ ናብ ጽሑፍ ገልቢጥና ንዝርገሖ ኣለና፡ ሰናይ ንባብ!

ዝኸበርኩም ኣጋይሽና ቃለ-ማሕተት ክንገብረልኩም ንዝቐረብናልኩም ሕቶ ኣወንታዊ መልሲ ሂብኩም ብብምጻእኩም እንዳመስገንኩ፡ ቅድሚ ናብ ዘዳለናዮ ሕቶታት ምእታውና ኣስማትኩም ንሰማዕትና እንተተላልዩልና?
ኣነ ክ/ማሪያም ስቛር ይበሃል ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ክሳተፍ ኢለ ካብ ኣመሪካ ዝመጻእኩ'የ ኣብ ጉዳይ ህዝብና ሓሳባትና ክንገልጽ ንዝተዋህበና ዕድል ድማ የመስግን።

ኣነ ድማ ሙሉ ነጋሲ ይበሃል፡ ንዲሲን ከባቢኣን ወኪለ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክሳተፍየ መጺአ።

ሕቶ፡ ብትዕዝብትኹም ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ኣብ ከመይ ደረጃ ይርከብ?

ክ/ማሪያም/ሓረስታይ/ እዚ ሕቶ'ዚ ኣዝዩ ንኹሉ ኤርትራዊ ዘጨንቕ ዘሎ ሕቶ'ዩ። ግን፡ እቲ ናይ መወዳእታ መፍትሒኡ ቃልሲ'ዩ። እቲ ቃልሲ ድማ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑ ይርከብ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ። ከመይሲ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ስርዓት ኢሳያስ ብዝተፈላለየ ውሽጣዊ ጸገማትን ድኽመታትን ክሳብ ብዓለም ደረጃ ኣብ ማዕቀብ ኣትዩ ይርከብ። እዚ ምስ ደላዩ ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለም ጥራሕ ዘይኮነ ብቐንዱ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ቀጺሉ ድማ ምስ ጎረባብትን ዞባን ኣብ ፍንፉን ሃለዋት ከም ዝርከብ ንኹልህና ርዱእ'ዩ። ብካልእ እቲ ደምበ ደሞክራስያዊ ለውጢ ከአ ናብ ዝሓሸ ደረጃ ተሰጋጊሩ ይርከብ። ስለዚ እቲ ደላዩ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝኾነ ወገን ነዚ ተረኺቡ ዘሎ ዕድላት መዝሚዙ ኣብ ረብሕኡ እንተደኣ ኣውዒልዎ፡ እዚ ንሪኦ ዘለና ኩነታት ናይ ኤርትራ ናብ ዝሓሸ ደረጃ ክሰጋገርዩ ዝብል እምነቶ ኣለኒ፡ ብሓጺሩ እቲ ኩነታት ኣብ ናይ ምርብራብ መድረኽ በጺሑ ኣሎ ክብል እደፍር።

ብ/ሙሉ ኣብ'ዚ ሓረስታይ ክገልጾ ዝጸጸንሐ ተወሳኺ እንተለኪ?

ብ/መሉ፡- ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገርና ከመይ ይመስል ክንመዝን እንከለና፡ መንግስቲ ህግደፍ ኣብ ኣዝዩ ክወጻሉ ዘይኽእል ዓዘቕቲ ተነቑቱሉ ዘሎ እዋን ኢና ዘለና። ብካልእ ሸነኽ ድማ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ኣዝዩ ዘስካሕክሕ ኣረሜናዊ ግፍዕታት ዘተኣናግደሉ ዘሎ መድረኽ'ዩ ዝርከብ። ሃገር ብሃገራ ናብ ቤት ማእሰርቲ'ያ ተለዊጣ፡ ኤርትራዊ ነቲ ኣጋጢምዎ ዘሎ ግፍዒ ብስደት መልክዕ ተቓውሞኡ ዝገልጸሉ ዘሎ እዋን'ዩ። ስለዚ ዝኾነ ድማ ኣብ ልዕሊ ህግደፍ ዝነበሮ እምነትን ምድንጋጽን ወዲኡ ተቓውሞኡ ዘርእየሉ ዘሎ መድረኽ'ዩ። ብካልእ ሸነኽ ክንሪአ እንተኾና ድማ፡ መላኺ ስርዓት ኢሳያስ ካብ ውሽጣዊ ፖሊሲታቱ ተበጊሱ ኣብ ልዕሊ ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራ ዝፍጽሞ ዘሎ ስቅያት ከይኣኽሎ፡ ምስ ጎረባብቲ ህዝብታትን መንግስታት እንዳተተናኸለ፡ ምስ ኣዝዮም ዝተደርበዩ ዝመሸመሹ ስርዓታት ተኣሳሲሩ፡ ንጎርባብቱ ቅሳነት ከሊኡ ዘሎ ስርዓት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንዓለም ሓደጋ ንዝኾኑ ሓይልታት ብምድጋፍ ዝገብሮ ዘሎ ምስንኻላት ንህዝቢ ኤርትራ ጸገም ንጎሮባብትና ጸገም ንዓለምና'ውን ጸገም ዝኾነ ክንሓፍ ዘለዎ ዝመሸመሸ ስርዓት'ዩ። ብካልእ ገጽ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ብዝምድናዊ ኣዘራርባ ካልእ እንተተረፈ ተጸዋዊርካ ናይ ምንባር ባህሊ ኣጥሪይሉ ዘሎ እዋን'ዩ። ብደረጃ ኪዳን ተጠርኒፉ፡ ከምኡ'ውን ብመንገዲ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣቢሉ፡ ሃገራዊ ሓድነቱ ንምርግጋጽ ዝረባረበሉ ዘሎ መድረኽ'ዩ ክብል ይኽእል።

ሕቶ፥ ሕራይ ብ/ሙሉ ከም ዝገለጽክዮ እዚ ስርዓት'ዚ ዳርጋ ፈታዊ የብሉን ካብ ህዝቢ ኤርትራ ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ተነጺሉ'ዩ። ብፍላይ ከኣ ንሱ ኣዕሩኽተይ ዝብሎም ዝመሸመሹ ስርዓታት'ዮም። ብሰርቲ ኣብ ጎረባብትና ዝገብሮ ዘሎ ኢድ ምትእትታው ድማ፥ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ 2009 ኣብ'ቶም ወሰንቲ ኣካላት ዘነጻጸረ እገዳ ገይርሉ ምንባሩ ዝዝከር'ዩ። ደጊሙ ሕጂ ድማ ብ5 ታሕሳስ 2011 እገዳ ኣሕሊፉ ኣሎ'ሞ ብዛዕባ'ዚከ እንታይ ክትብሉና ትኽእሉ?

ብ/ሙሉ ብመጀመሪያ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ህግደፍ እገዳ ክብይን እንከሎ፥ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ዝፍጽሞ ዘሎ ዘስካሕክሕ ጨቆና መሰረት ገይሩ ኣይኮነን'ዩ። እንታይ ደኣ፥ ህግደፍ ምስ ኣሸበርቲ ሓይልታት እንዳተኣሳሰረ ንሰላም ናይ ጎረባብትናን ረብሓታት ናይ ዓለምን ዝገብሮ ዘሎ ዕንቅፋታት ንምክልኻል ዝወሰድዎ ስጉምቲ'ዩ። እዚ ንህዝቢ ኤርትራ ይጎድኦ'ዶ ኣይጎድኦን ዝብል ክንርኢ እንተኾይና፥ ብመሰረቱ እቲ እገዳ ኣንጻር'ቲ መንግስቲ ዝተወስደ ደኣምበር፥ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ንህዝቢ ኤርትራ ክጎድእን ክውጽዖን ኢሉ ዝገበሮ ኣይኮነን። ቤት ምኽሪ ጸጥታ ንህዝቢ ኤርትራ እገዳ ኣይገብረሉን፥ እቲ ገይርዎ ዘሎ ብቐጥታ ናብ'ቲ ስርዓት ካብኡ ናብኡ'ውን ኣብ'ቶም ቀንዲ ማለት ወሰንቲ ኣካላት ናይ'ቲ ስማዊ መንግስቲ ዘነጻጸረ'ዩ። እሞ እዚ ኣብ ልዕሊ ህግደፍ ዝተነብረ እገዳ ይጠቕመና'ዶ እንተተባሂሉ መልሱ እወ ይጠቕመና'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ልዕሊ ደበኛ ጸላኢ ተጸኒዑ ዝውሰድ ስጉምቲ ነቲ ነካይዶ ዘለና ቃልሲ ዝሕግዝ፥ ስለ'ዚ ከኣ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዓወት ዘቃላጥ'ዩ። ግን ማሕበረ-ሰብ ዓለም እዚ ስጉምቲ'ዚ ክወስድ እንከሎ ንህዝቢ ኤርትራ ክድግፍ ኢሉ ዘይኮነስ፥ ህግደፍ ባዕሉ ምስ ኣሸበርቲ ሓይልታት ተኣሳሲሩ ዘካይዶ ዘሎ ኣዕናዊ ንጥፈታት መሰረት ገይሩ ዝወሰዶ ስጉምቲ ምዃኑ ብግቡእ ምግንዛብ ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ'ዚ ብንጹር ክበርህ ዘለዎ ድማ ነዚ ስጉምቲ'ዚ ብግቡእ ክንጥቀመሉ ከም ዘለና፥ ንማሕበረ-ሰብ ዓለም ካብ'ቲ ኣብ ጎረባብቲ ዝገብሮ ዘሎ፥ ኣብ ህዝብታት ኤርትራ ዘብጸሖ ዘሎ ስቕያት ከም ዝዓቢ ክንሕብር ኣለና። እቲ እገዳ መሊሱ ክተርርን ክሓንቅዎን ንህዝቢ ኤርትራን ንደምበ ደለይቲ ደሞክራስይዊ ለውጥን ደገፉቶም ከበክርቱን በርቲዕና ክንሰርሕ ይግበኣና።

ሕቶ፥ ሓረስታይ ኣብ'ዚ ተወሳኺ ርእይቶ እንተለካ?

ብ/ ሓረስታይ፥- ስርዓት ኢሳያስ ኩሉ ግዜ ንዕኡ መኸወልን መዕቀልን ዝኾኖ ነገራት ካብ ምንዳይ ዓዲ ኣይውዕልን'ዩ። ብፍላይ ምስ'ዚ ማዕቀብ ተታሓሒዙ ቅድም ክብል ርኢናዮ ኢና ንኣብደገ ዘሎ ኮነ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ህዝቢ ኣንጻር ጠቕምኻ'ዩ እዚ ማዕቀብ'ዚ ኢሉ ኣለዓዒልዎ ክደይ ሰላማዊ ሰልፍታት ክካይድ ርኢና ኢና። ሕጂ እቲ ደላይ ለውጢ ብጠቕላላ ነቲ ህዝቢ ክርደኦ ኣብምግባር ክጽዕር ኣለዎ ይብል። ንምንታይ ኩለን እተን ንመኸወሊ ዝጥቀመለን ብኣምስሉ ስለ ዝንቀሳቀሰለን፥ ነዚኣን ከም'ቲ ሙሉ ክትገልጾ ዝጸንሐት፥ ንህዝቢ ኤርትራ ዝጎድእ ዘይኮናስ እኳ ደኣ፥ ካብ'ዚ ዘለዎ ናይ ሕሰም መድረኽ ኣብ ምውጽኡ ዝሕግዝ ምዃኑ ክሕበር ይግበኦ። ዋናታት ናይ'ዚ እገዳ ብመሰረቱ ንሕና ክነክውን ይገበኣና ነይሩ። ይኹን'ምበር ነቲ ዝተረኽበ ዕድል ደላዩ ለውጢ ዝኾነ ወገን ኩሉ ክጥቀመሉን ከስምረሉን ኣለዎ በሃላየ። ምኽንያቱ እዚ እገዳ'ዚ ንረብሓ ህዝብታት ኤርትራ ዝጎድእ ዘይኮነስ ብንጹር ናብ'ቶም ዝብድልዎ ዘለው ኣካላት ዘትኮረ ስለ ዝኾነ፥ ንህዝቢ ክንጸረሉ ኣብ ምግባር ናይ ኩላህና ሓላፍነት'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ።

ሕቶ፥ ብርግጽ እዚ፥ ዝተገብረ እገዳ ንሕና ክነበግሶ ነይሩና። ምኽንያቱ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ህዝቢ ኤርትራ'ዩ ዝያዳ ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ዘሎ። ነዚ ምኽንያት ገይርና ንማሕበረሰብ ዓለም ናባና ቆላሕታ ክገብር ክንገብሮ ነይሩና። ብዝኾነ ይበገስ ግን ከም'ቲ ዝበልክሞ ንቓልስና ሓጋዚ ከም ምዃኑ መጠን ብዝያዳ ንኽተርር ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ እንታይ ክንገብር ኣለና? ምኽንያቱ ኣብ'ቲ ብ2009 ዝተመሓላለፈ እገዳ ደምበ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ከም'ቲ ዝድለ ኣይሰርሐን ብኣንጻሩ ስርዓት ህግደፍ'ዩ ተጠቒምሉ ዝብል ዘረባታት ስለ ዘሎ ኣብ'ዚ ዘለኩም ርእይቶ?

ብ/ ሙሉ፡ ብመሰረቱ ህዝብታት ኤርትራ ብሰሪ'ዚ ዓፋኒ ስርዓት ኣብ ዘስካሕክሕ ኩነታት ኣብ ዝርከበሉ እዋን ነዚ መሰረት ገይርካ እገዳ ክገበረሉ ኣቐዲምና ክንቃለስ'ዩ ዝግባእ ነይሩ፡ እንተኾነ ኣይበቓዕናዮን። ሕጂ'ውን ማይ ኣሓለፎን ነቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ዕድል ብምጥቃም፡ እቲ ብዝተፈላለየ ምስምሳት ብገለ ገለ ምዕራባውያን ሃገራት ዝወሃብ ዝነበረ ሓገዛት ንመጨፍለቒ ህዝቢ ኤርትራ ይውዕል ስለ ዝነበረን ዘሎን ክቋርጽ፡ እንተተኻኢሉ ድማ ኣብ ምቅልጣፍ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክውዕል ክንጽዕር ይህልወና። ስለዚ ደምበ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ፡ ሃገራዊ ባይቶ ነዚ ዕድል'ዚ ተጠቒሙ፡ ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ ጽዑቕ ምንቅስቓሳት ካከይድን ንደላዩ ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለም ንጉዳይና ጠመተ ክገብር ክጽውዕ ኣለዎን። እዚ ስርዓት'ዚ ክሳብ ዝሃለወ ንህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነ ንጎረባብትና ዓለምን ዕንቅፋት ምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብውሽጥን ብደገን ክህረም ከም ዘለዎ ኣጽዒቕና ክንሰርሕ ኣለና። ኣሸበርትን ተሓባበርትን ክነጥፍእ እንተደኣ ኮይና፡ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ነዚ ደጋፍን ተሓባበርን ኣሸበርቲ ሓይልታት ዝኾነ ብሕጊ ዘይቕየድ መንግስቲ ንምልጋስ፡ ምስ ደምበ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ብትሕብባር ክሰርሕ ጻውዒት ክንገብረሉ ይግባእ።

ሕቶ፡ ሓፈሻዊ ኩነታት ደምበ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ቅድሚ ምግባር ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጥን ሕጂን ኣብ ከመይ ይርከብ ትብል?

ብ/ሓረስታይ፡- ደምበ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝሓለፎም መስርሓት በዚ ሕጂ ዘለና ግዜ ጸሚቕ'ኳ ንምቕራቡ ብጣዕሚ ኣሸጋሪ'ዩ። ይኹን ደኣምበር፡ ካብ ግዜ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ቀጺልካ'ውን ኪዳን፡ ሕጂ ከኣ ብዝሰፍሐ ኪዳን ካብ ኪዳን ወጻኢ ዘለው ፖለቲካው ውድባትን በርገስ ማሕበራትን ካልኦት መሻርኽቲ ኣካላት ሓዊሱ፡ እቲ ናይ ሓባር ቃልሲ ይኽይድ ኣሎ። ኣብ'ዚ ኣነ ብዝያዳ ክብሎ ዝደሊ፡ ታሪኽን ተመክሮን መምህር ኮይኑ ደኣ ከገልግል ኣለዎ 'ምበር ተመሊስካ ኣብኡ ክትቁዝም ሓጋዚ ኣይኮነን። እዚ መድረኽ'ዚ ንኽምኡ ዝዕድም ኣይኮነን። እቶም ዝሓለፉ ከም ታሪኽ ተማሂርናሎም፡ ነዚ ተበጺሑ ዘሎ ናይ ሓባር መድረኽ ብኸመይ ከነዐውቶ ከም ዘለና ኢና ክንርኢ ዘለና። ስለዚ ቅድሚ ምሕዝነትን ድሕሪ ምሕዝነት ኪዳንን እዚ ሕጂ ዘሎን ክረአ እንከሎ፡ ናብ ዝሓሸ ብርኪ ተሰጋጊሩ ኣሎ፡ ነዚ ንምዕቃቡን ንምምራሹን ግን ናይ ኩሉ ደላዩ ደሞክራስያዊ ለውጢ ሓላፍነት ክኸውን'ዩ። ስለዚ ኣነ ተመሊሰ ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ታሪኽ ክኣቱ ኣይደልን። ብዝያዳ ክነጽሮ ዝደሊ ግን፡ ኣብ'ዚ ሕጂ በጺሕናዮ ዘለና መድረኽ ከተኩር ይመርጽ። ብተናጸል ዝግበር ቃልሲ ከም ዘየዐውት ተማሂርና ኢና። እንታይ ደኣ ብናይ ሓባር ቃልሲ ነዚ ስርዓት'ዚ ንሓንሳእን ንሓዋሩን ምልጋስ'ዩ ትኹረት ክንገብረሉ ዘለና። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ከም'ቲ ኩላትና ክንከታተሎ ዝጸናሕና ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ተዓዊቱ ኣሎ፡ ነዚ ከመይ ገይርና ናብ ዝለዓለ ብርኪ ነሰጋግሮ ናይ ኩላህና ድሌትን ተወፋይነትን ዝሓትት'ዩ። ነዚ ኣብ መዓልቦኡ ንምብጻሕ ከየምልጠና ብትኹረት ክንሪኦ ኣለና። እዚ ዕድል'ዚ ተመሊስካ ዘይርከብ ዕድል ስለ ዝኾነ፡ ብቐዳምነት ኣብ ውጥና ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ባህሊ ከነጎልብት ኣለና፡ ካብኡ ሓሊፍ ኣብ ዲፕሎማስያዊ ኩነታት ኮታ እዚ ቆይሙ ዘሎ ባይቶ ናይ ምዕዋቱ ጉዳይ ናይ ኩላህና ግደ ክኸውን'ዩ። ብሕጽር ዝበል ብጣዕሚ ተስፋ ዝህብ መድረኽ ተበጺሑ ኣሎ'የ ክብል ዝኽእል።

ብ/ሙሉ ኣነ ብመንጽር ተመክሮ ናይ ቃልስና ክሪኦ እንተኾይኑ፡ ደምበ ተቓውሞ ሓደ ስጉምቲ ምዕራፍ ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራዩ ዝብል እምነት'ዩ ዘለኒ። ምኽንያቱ ኣብ ጸረ-መግዛእታዊ ሓይሊ ሕድሕዱ ክነጻጸግ ዝጸንሐ ሓይልታት'ዩ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ሕድሕዱ ብብረት ክተሃራረም ዝጸንሐ ሓይልታት ከም ምዃኑ መጠን፡ ነዚ ተሰጊሩ መጀመርያ ብደረጃ ምሕዝነት ደሓር'ውን ብደረጃ ኪዳን እቲ ኩሉ ሃገራዊ ሓይልታት ኣብ ሓደ ሃገራዊ ግንባር ተጠርኒፉ ክሰርሕ ምብጋሱ፡ ምስ'ቲ ኩሉ ድኽመታቱን ሕጽረታቱን ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት'ዩ እየ ዝብል። እዚ ከኣ ባህሪ ናይ ደሞክራስያ ኣብ

ኤርትራ ይተኣታቶ ከም ዘሎ ዘርእ'ዩ። ብዘይካ ናተይ ቅኑዕ መንገዲ የለን ዝብል ኣተሓሳስባ ንምልካውነት ዘተኣታቱ ደኣምበር፡ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዘምጽእ ስለ ዘይኮነ፡ ደምበ ተቓውሞ ምስ'ቲ ኩሉ ድኽመታቱ፡ ኪዳን ምስ'ቲ ኩሉ ድኽመታቱ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ግንባር ተጠርኒፉ ምኻዱ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት'ዩ። እዚ ግን ኣኻሊ'ዩ ማለት ኣይኮነን ኣብ ውሽጢ'ቲ ሃገራዊ ግንባር ሕድሕዳዊ ምትእምማን ከነጥርን ብሓባር ክንቃለስን ኣለና። ብፍላይ ከኣ ኣብ'ቶም ንሰማማዓሎም ነጥብታት ዝበሃሉ ጸረ ህግደፍ ምቅላስ ኢልካ'ውን ምድምሳስን ብኡ ኣቢልካ ድማ ኩሎም ውጹዓት ህዝብታት ኤርትራ ብሰላምን ብደሞክራስን ሓቢሮም ዝነብርሉ ባይታ ክረጋግጹ፡ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዝና ክንቃለስ'ዩ ዘለና ዝብል እምነት'ዩ ዘለኒ። ንበይንኻ ጎይኻ ስለ ዘይትዕወትዩ ኪዳን ቆይሙ ዘሎ፡ ከምዚ ዝብል እምነት ካብ ኣቐመጥና ብኪዳን ይኹን በቲ ሕጂ ቆይሙ ዘሎ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣቢልካ ደምበ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምሕያል፡ ብሓሳብን ብግብርን ኢድ ንኢድ ተታሓሒዝና ክምርሽ ኣለና። ምኽንያቱ ናይ ተቓውሞና ህልውና ናይ ዕላማና ህልውና ናይ ደሞክራስያውነትና ምዕማቕ ኣብ ምዕናው ናይ ህግደፍ'ዩ ዝረጋገጽ ዝብል እምነት ኣለኒ።

ሕቶ፡ ብርግጽ ደምበ ተቓውሞ ካብ'ቲ ዝነበሮ ድኹም ሃለዋት ደረጃ ብደረጃ ምዕባለ የምጽእ ኣሎ'ዩ። እቲ ናይ ምንጽጻግ ባህሪያት'ውን እንዳተፋኾሰ ዝመጽእ ዘሎ ይመስል። ብፍላይ ንሳትኩም ኣብ ትነብረሉ ምዕራባዊ ዓለም ንዘለው ነቲ ጸረ-ህዝቢ መንግስቲ ብገንዘብን ብጸጥታን ንዝድግፈዎ መሓውራቱ እንታይ መልእኽቲ'ዩ ዘሕልፍ?

ብ/ሓረስታይ፡- ጽቡቕ ሕቶ'ዩ መጀመርያ ስርዓት ኢሳያስ እንዳወደቐ ክኸይድ እንከሎ ዝመጾም ዘሎ ናይ ውድቀት መድረኽ ዘይሪእዎ ኣይኮኑን። ብፍላይ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ከም'ቲ ቀደም ዝነበሮም ብናህሪ ይቃለሱ ከምዘይለው ንሪኦ ዘለናዩ። እቶም ሓደ ክልተ ምስ ስርዓት ኢሳያስ ናይ ጠቕሚ ምትእስሳር ዘለዎም ግን ክሳብ ናይ መወዳእታ ክኸዱ'ዮም ምስኡ። እዚ እናሓየለ ዝመጽእ ዘሎ ደምበ ደለይቲ ለውጢ ዘዕርፈሎም ተጽዕኖ'ውን ቀሊል ኣይከውንን። ብፍላይ እዚ ሕጂ ዝተኻየደ ዕውት ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ከም ንከታተሎ ዘለና ነቲ ደላዪ ለውጢ ብዙሕ ተስፋ ዝህብ ክኸውን እንከሎ፡ ነቲ ስርዓት ናይ ኢሳያስ ዝተሓጋገዝ ሸነኽ ግን፡ ናይ ውድቀቱ ደውል ዝድወለሉ ዘሎ እዋንዩ። እቲ መንግስቲ ንበይኑ ኣይኮነን ጠጠው ኢሉ ዘሎ፡ ምስኡ ጠጠው ዘበሎ ኣካላት ሕብረ-ተሰብና ስለ ዘለው፡ ነዚኣቶም ብጣዕሚ ብዝተጸንዓን ዝጸፈፈን ኣገባብ ካብ መጋበርያነት ናይ ኢሳያስ ተላቒቖም ናብ ደምበ ደለይቲ ለውጢ ዝጽንበርሉ ባይታ ምፍጣር ልዑል ጻዕሪ ክንግብረሉ ዘለና መድረኽ'ዩ ይብል። እዚ ሕጂ ወጺኡ ዘሎ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ንኢሳያስ ንበይኑ ጥልጢል ኢሉ ክሳብ ዝተርፍ ክገብሮ ኣለዎ። ንእግረ-መንገደይ እዚ ወጺኡ ዘሎ ናይ ሓባር መሪሕነት ነዚ ከዐውት እንተኽኢሉ ኢሳያስ ዕድሜኡ እንዳሓጸረ ክኸይድ ናይ ግድን'ዩ። ስለዚ ነዚ መድረኽ'ዚ ብግቡእ ተጠቒምካ ናብ መዓላ ናይ ደለይቲ ለውጢ ምቕያሩ ርሑቕ ኣይክኸውንን'ዩ ዝብል እምነቶ ኣለኒ።

ሕቶ፡ እግረ መንገድኹም እንዳተናኸፍኩሞ ከምዝመጻእኩም ኣብ ወርሒ ሕዳር ናይ 2011 ብሽርክነት ናይ ፖለቲካዊ ውድባት፣ በርገሳውያን ማሕበራት፣ መንእሰያት፣ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ሓርበኛታት ኮታ ኩሉ ሕብረ-ተሰብ ኤርትራ ዝተሳተፈሉ ሃገራዊ ጉባኤ ተኻይዱ ነይሩ። እዚ ብመሰረት'ቲ ኣብ ዓመተ 2010 ዝተሰላሰለ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዘሕለፎ ውሳኔ'ዩ ተኻይዱ'ሞ ንሳትኩም ተሳተፍቲ ከም ምንባሩም መጠን እቲ መስርሕ ናይ ጉባኤ ከመይ ነይሩ?

ብ/ሙሉ፡ ህዝቢ ኤርትራ ርብሕኡ ኣብ ሓድነት ደኣምበር ኣብ ምፍልላይ ኣይኮነን። ረብሕኡ ኣብ ሓድነቱ ክኸውን እንከሎ ኩሎም እቶም ተምሳለታትን ሰረታት ናይ ህዝብታት ኤርትራ ሓቢሮምን ተሰማሚዖምን ዝነብሩላ ኤርትራ ምስ ዘረጋግጹ'ዩ ረብሓኦም ዝሕሎ። ብቐንዱ ኣብ ዓመተ 2010 ዝተጋበአ ዋዕላ ንደሞክራሲ እምነቱ እዚ'ዩ ነይሩ። ብቐዳምነት ግን ኣብ'ዚ ንምብጻሕ ኪዳን ዝተጻወቶ

ተራ ዝምኻስ'ዩ። ኩሉ ክፍልታት ህዝቢ ኤርትራ ሽግራቱ ከለልን መፍትሒኡ ከነድን ኣብ'ቲ ሃገራዊ ዋዕላ ተሳቲፉ'ዩ። ስለዚ ብ2010 ዝተኻየደ ዋዕላ ን2011 ሃገራዊ ጉባኤ ክካየደ ምስ ኩሉ ክህልዎ ዝኽእል ሕጽረታት ዝገበሮ ቃልሲ ዝምኻስ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ተኸኣኢሉ ብሓባር ክነብር ዘለዎ ደኣምበር ክነጻጸግ ዘይብሉ ህዝቢ'ዩ። እዚ ዝተገብረ ጉባኤ ንተቓላሳይ ህዝቢ ኤርትራ ተስፋዩ፡ ንህግደፋውያንን መጋበርያታቶም ከኣ፡ ራዕድን ሽበራን ዝፈጥር'ዩ። ስለዚ እዚ ሃገራዊ ጉባኤ'ዚ ሓደ ስጉምቲ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ'ዩ ክብሎ እኽእል።

ሕቶ ብዝያዳ ንምዕማቑ ሓረስታይ ትውስኾ ነገር እንተለካ?

ብ/ሓረስታይ፡ እዛ ጉባኤ እዚኣ ካብ'ተን ዘሐጎሳኒ /እንጆይ/ ዝገብረትኒያ ምኽንያቱ፡ ካብ ሓደ መድረኽ ናብ'ቲ ካልእ መድረኽ ክትሰጋገር እንከለኻ፡ ከም ሓድሽ መድረኽ መጠን ዘጓንፍ ሃጓፍ ክህሉ'ዩ። ልክዕ'ዩ ኣብ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኮሚሽን ቀይሙ፡ ኮሚሽን ከኣ በቲ ዝከኣሎ ኣብ ምሉእ ዓለም ተዋፊሩ ክንቀሳቐስ ጸኒሑ'ዩ። እዚ ሓድሽ መድረኽ'ዩ። ኣብ'ዚ ሓድሽ መድረኽ'ዚ ሕጽረታት ክህሉ ሃጓፋት ክህሉ ውሁብ'ዩ። እቲ ጉባኤ ግን በቶም ሕጽረታት ወይ ድኽመታት ጠጠው ኣይበለን ተጋቢኡ'ዩ። እቶም ኩሎም ሕጽረታት ዝበሃሉ ዝነበሩ'ውን ብኣካል ስለ ዝነብርናዮ ኣብ'ቲ ጉባኤ ተላዒሎም'ዮም። እቲ ጉባኤ ንሕጽረታት ዘይሸፍን ብብሩህ ዘቐመጠ ጉባኤ'ዩ ነይሩ። እዚ ሓደ ፍሉይ መኽሰብ ናይ'ቲ ጉባኤ'ዩ። ኣነ ብወገነይ ሓደ ንጥፈታት ኣካይደ ነይረ። ቅድሚ'ቲ ጉባኤ፡ ዝሰፍሐ ግዜየይ ዝተጠቐምክሉ'ውን ሽዑ'ዩ ነይሩ። ንብዙሓት ኣባላት ናይ ጉባኤ ብውልቀይ ሳርበይ ክገብር ዝፈተንክዎ ነይሩ፡ ክሳብ 70 ዝኾኑ ሰባት ኢንተርቪው ኣግቢረ፡ እዚ ሳርበይ'ዚ፡ ከመዩ እዚ ናብ ጉባኤ መጺኡ ዘሎ ህዝቢ፡ ነቲ ጉባኤ'ኸ ከመይ'ዩ ክዕወት ዝደልዮ ክፈልጥ ስለ ዝደለኹ'የ ማለት'ዩ። እቲ ዝረኸብክዎ መልስታት ንኹሉ ህዝቢ ኤርትራ ከካፍሎ ይግባእኒ ይብል። ስለምንታይ እዚ ንውልቀ መኽሰብ ዘይኮነ ተስፋታት ዝህብ ትሕዝቶ ስለ ዝነበረ። ካብ'ቶም ዝነኣሱ ጋዜጠኛታት ክሳብ'ቶም ዝዓበዩ ኣቦታት ጀመርቲ ሰውራ ብፍላይ'ውን ምስ እድሪስ ሓሚድ ዓወተ ዝተቓለሱ ኣቦ ቃለ-መጠይቅ ኣግቢረ ነይረ። ካብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ናይ ዓለም ዝመጹ፡ ካብ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ካብ መንእሰያት፣ መራሕቲ ፖለቲካዊ ውድባት፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ኣብ ኪዳን ዘለው፣ ካብ ኪዳን ወጻኢ ዘለው፣ ካብ ኮሚሽነራት ዝኣከብክዎ መጽናዕቲ እንተነይሩ ዝተፈላለዩ ቃላትን ኣቀራርባ ዘለዎም ይኹኑ፡ ብጽማቕ ናይ'ቲ ትሕዝቶኦም ብሓደ መጺእና ተሰማሚዕና ሓደ ኮይና ድማ ክንወጽኢና ዝብል መልእኽቲ'ዮም ኣመሓላሊፎም። እዚ እቲ ጉባኤ ከይተገብረ እንከሎ ጉባኤና ብዓወት ክዛዘም ምኳኑ ብሩህ ተስፋ ዝሃበኒ ነይሩ። እዚ ኩሉ ተሳታፋይ ናይ ጉባኤ ነዚ ዝገልጽክዎ ትሕዝቶ ተሰኪሙ'ዩ ኣትዩ ናብ'ቲ ጉባኤ። ስለዚ ዘጋጠመ የጋጥም ኣብ'ቲ ጉባኤ እዚ መልእኽቲ'ዝን በቲ ኣቐዲሙ ዝተረኽበ መጽናዕትን ርዱእ ነይሩ ክብል እኽእል።

ኣብ'ቲ ጉባኤ ምስ ኣተና እንተረኣኽዎ ከኣ ብምሉኡ ሓላፍነታዊ ነይሩ። ብዙሕ ሓሳባት'ውን ዝቐረበ ነይሩ። ምስ'ቲ ዝነበረና ግዜ ኣብ ጉጅለታት ተመቓቒልና ስለ ዝነበርና እቲ ዝቐረብ ሓሳብ፡ ንምጽፉፉ ብሃገራዊ ጉባኤ ጥራሕ ዝውዳእ ኣይነበረን። ንሃገራዊ ባይቶ ነዚ ጉዳይ'ዚ ናይ ምጽፋፍን ምውህሃድን ሓደ ዝዓበየ ዕማም ተዋሂብዎ'ዩ ተሰጊሩ። ኣብ መወዳእታ ድማ ከም'ቲ ኣቐዲሞም ብዙሓት ኢንተርቪው ኣብ ዝገበርክሉ ከም ትንቢት ዝበልዎ፡ ብዓወት ወጺኡ። ልክዕ እቲ ዝተባህለ ክውን ኮይኑ ረኺበዮ ማለት'ዩ። እቲ ጉባኤ ምስ'ተዓወተ'ውን ከመይ ከም ዝተዓወተ ንምፍላጥ ዝገበርክዎ መጽናዕቲ ነይሩ። ኣብዚ'ውን ሕጉስ ነይሩ እቲ ጉብኤኛ። መእሰሪ ናይ'ቲ ጉዳይ ክኸውን ዘለዎ ድማ ነዚ ኩሉ ኣብ ተግባር ከመይ ነውዕሎ ዝብል'ዩ። ከም ደለይቲ ደምክራስያዊ ለውጢ ኣብ'ዚ መድረኽዚ'ሞ ብሓጺሩ ክድምድሞ እንተኾይነ፡ ካብ ዝተፈላለያ ቦታታት መጺእና ኣብ ሓደ ኣዳራሽ ተጋቢእና፡ ብዓወት ድማ ወጺእና። ኣብ'ዚ ዝተገነነ ከይመስል ኣብ'ቲ ጉባኤ ሕጽረታት ኣይነበረን ማለት ኣይኮነን። እቲ ዝነበረ ሕጽረታት ግን መምሃሪ፡ ንቕድሚት ብተመሳሳሊ ጉድለታት ከይድገም ዝሕግዝ ኩላትና ዝተማሃርናሉ ኣዝዩ ዕውት ጉባኤ'ዩ ነይሩ። ብፍላይ ዝገረመኒ ናይ ሚዲያ ምክትታል ይገብር

ስለ ዝነበርኩ ኣብ ናይ ሰለስተ መዓልቲ ምክትታል ኣብ ሓንቲ ዌብ-ሳይት ክሳብ 2320 ሰባት ካብ ውሽጢ ኤርትራ ጥራሕ ቪዚት ገይሮም ኣብ ሓደ ዌብ-ሳይት። ኣብ ካልእ ዓለም ማለት ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኤውሮጳ፡ ማእከላይ ምብራቕ፡ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ኣመሪካ ይከታተሎ ነይረ ነቲ ዌብ-ሳይታት ክሳብ 40 ሽሕ ኤርትራውያን ቪዚት ዝገብርሉ እዋን ነይሩ ማለት'ዩ። እዚ ጉባኤ ካብ ዝኽፈት ክሳብ ቅድሚ ገለ መዓልታት ቅድሚ ምድምዳሙ ማለት'ዩ። እዚ እንታይ የረድኣካ፡ እቲ ህዝቢ ክሳብ ክንደይ ብሃረርታ ይከታተሎ ምንባሩ'ዩ።

ሕቶ፡ ሓረስታይ ክትገልጾ ከም ዝጸናሕካ ጉባኤና ልኡም'ዩ ነይሩ። ውጽኢት ጉባኤ ግን ብዝያዳ እቲ ጉባኤ ብዘመሓላለፎ ሰነዳት'ዩ ዝዕቀን'ሞ እንታይ ሰነዳት ኣጽዲቑ፡ ከመይ'ከ ተዛትዩሎም?

ብ/ሓረስታይ፡ ህዝቢ ክመያየጠሎም ብኮሚሽን ዝተዘርግሑ 4 ዓበይቲ ሰነዳት'ዮም። ኣብ'ዚ እቲ ህዝቢ ኣብ በብጉጅለኡ ከም'ቲ ዝድለ ተመያይጥሎም ድዩ እንተተባሂሉ፡ ኣብ ዕምቆቱ ማዕረ ዘይክኽውን ይኽእል'ዩ። ብዝኾነ ፖለቲካዊ ቻርተር፣ ሓባሪ ናይ መጻኢ መድረኽ /ሮድ-ማፕ/ ህንጻ ሕጊ ከምኡ ድማ ቅዋም እዞም 4 ሰነዳት'ዮም ነይሮም። ነብስ ወከፍ ጉጅለ ኣብ'ዞ ሰነዳት እዚኣቶም ተኻቲዑ ማለት'ዩ። ካብ ውሽጢ'ቶም ሰንዳት ጉባኤ ዘይተቐበሎም ዓንቀጻት ኣለው። ኣብ መወዳእታ ዝጸደቐ ግን እቲ ፖለቲካዊ ቻርተር፡ ሕጊ ሕንጻ፡ ሮድ-ማፕ ወይ ሓባሪ መድረኽን'ዮም። እቲ ቅዋም ሕጂ መድረኹ ስለዘይኮነ ከም መወከሲ ንጥቀመሉ ሰነድ ኮይኑ፡ ኣብ መጻኢ ድሕሪ ውድቀት ህግደፍ ምስ ኩሉ ህዝብና ክረአ ኣለዎ ብዝብል'ዩ ተዛዚሙ። ኣብ'ዚ ክውስኽሉ ዝደሊ እቶም ሰነዳት ብጣዕሚ ሰፋሕቲ ስለ ዝነበሩ ሃገራዊ ባይቶን ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን ከጻፍፍዎም ሓላፍነት ተዋሂብዎም። ምስ ተጻፈፉ ድማ ብሓባር ንሪኦም ኣገደስቲ ሰነዳት'ዮም። ኣብ'ዞም ሰነዳት ኮነ ኣብ ካልእ ዝነበረ መንፈሳት ግን ንቑሕ ተሳትፎን ሓላፍነታዊ ልቦና ዝመልኦ ነይሩ። ከም መርኣያ ናይ'ቲ ዝነበረ ርሱን ክትዓት፡ ኣብ ናይ ሓሳብ ምንህሃር ይብጻሕ'ሞ ንደገ ንውጻእ ተባሂሉ በብውልቀ፡ ምምኽኻር ዝተኻየደሉ ደሞክራስያዊ መድረኽ'ዩ ነይሩ። ኣብ'ዚ ካብ'ቲ ዝገረመኒ ነገር እቲ ጉባኤኛ ብመሰረት እቶም ሰነዳት ደኣምበር ዝኾነ ይኹን ተጽዕኖን ተጉላባነትን ዘይነበሮ ምርድዳእ ዝሰፈኖ ምንባሩ'ዩ።

ሕቶ፡ ብ/ሙሉ ኣብ ፖለቲካዊ ቻርተርን ሕጊ-ህንጻን ትውስኽዮ ነገር እንተለኪ፡ ብፍላይ ኣብ'ቲ ቻርተር ብዛዕባ ሕቶ ብሄርን ሕቶ ሃይማኖትን ኣብ ሕገ-ህንጻ ድማ ኣብ'ቲ መሪሕነታዊ ሽነኽ ከመይ ይእለዩ ነይሮም?

ብ/ሙሉ፡ ብሰንኪ'ቲ ህግደፍ ዝፈጠሮ ኣብ ህዝብታት ኤርትራ ዘለው ወጽዓታት፡ ብብሄርን ብሃይማኖትን መልክዕ ተወዲቦም ንመሰሎም ዝቃለሱ ዘለው ወገናት'ዮም። ኣይኮነን ኣብ ከም ኤርትራ ዝበለት መሪር ወጽዓ ዘለዋ ሕብረ-ብሄራዊት ሃገር፡ ኣብ ተዛምዳዊ ሰላምን ደሞክራስን ዘለዎምን'ውን እንተኾነ፡ መሰል ብሄራትን ሃይማኖታትን ብሕጊ ክረጋገጽ ዘለዎ መሰላት'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ኤርትራ ሰላምን ደሞክራስን ከነምጽእ እንተደኣ ኮይና ነዚኦም ግቡእ መልሲ ክንህብ ዘለና። ሃገራዊ ጉባኤ ድማ ኣብ'ዞም ነጥብታት እዚኣቶም ተገዳስነት ገይሩ ተመያይጡ፡ ቅኑዕን ፍትሓውን ምኺኑ ኣሚኑ። ካብ መሰረቱ ዘተኣማምን መልሲ ዝረክብ ድሕሪ ምድምሳስ መንግስቲ ህግደፍ ኣብ ትህነጽ ህዝባዊት ደሞክራስያዊት ኤርትራ ምኺኑ ተቐቢሉ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ቻርተር ብግቡእ ኣስፊርዎ ኣሎ። ጉባኤና ሕድሕድ ምትእምማን ኣጥሪ'ዩ ወጺኡ። ምኽንያቱ፡ መሰረታዊ ሰላምን ደሞክራስን ናይ ኤርትራ ዘረጋግጽ ብኡ ንብኡ ኣቢሉ ድማ ኢኮኖሚያዊ ምዕባለ ዘምጽእ ቻርተር ምኺኑ ኣዝዩ የሕጉሰኒ።

ሕቶ፡ ሓረስታይ ኣብዚ ሰነዳት ዝምልከት እንታይ ክትብለና ትክእል?

*ብ/ሓረስታይ፡- ኣብ’ታ ንመሪሕነት ትምልከት ዘቕረብካ’ያ ሕቶ ገለ ክብል፡ ኣብ’ዚ ናይ ሓባር ግንባር ክመጽእ ዘለዎ መሪሕነት ከመይ ክኸውን ኣለዎ ዝብል፡ ኣብ’ቲ ብጉጅለታት ተመቓቒልናሉ ዝነበርና ዓሚቕ ክትዓት ይካየድ ነይሩ። ብጽማቑ ናይ’ቲ ዝነበረ ክትዕ ኣብ ምንታይ ዘተኮረ ክኸውን ኣለዎ ኢልና ኢና ንርኢ ነይርና? ኣብ ብቕዓት፡ ተመክሮ፡ ተወፋይነት፡ ውክልና እዞም 4 ማዕጡቕ ወይ መምዘኒ ናይ’ቲ ናብ መሪሕነት ክመጽእ ዝድለ ሰብ ክኾኑ ኣለዎም ኢልና ዝረኣናዮም’ዮም። እዚ ብከምኡ ተተግቢሩ’ዶ እንተኢልና ዘይተተግበሩ ክኾኑ ይኽእሉ’ዮም ግን ከኣ እኹል መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም’ዮም ዝብል እምነት ኣለኒ። ብቕዓት ተመክሮ ተወፋይነት ውክልና ክንብል እንከለና፡ ሓደ ብዘይትሓደ ዝኸይድ ኣይኮነን ምስ ኣተሃላልዋና፡ ንኣብነት ውክልና ክንብል እንከለና ምስ ጭቡጥ ኣተሃላልዋ  ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ብከመይ ኢና ብሓደ ክንከይድ ንኽእል? ንሓደ ገዲፍካ ነቲ ሓደ ሒዝካ ምኻድ ከየጋጥም’ሞ መንጸብረቕትኡ ሕማቕ መታን ከይኸውን ዝብል ዓሚቕ ክትዓት ካብ ዝተኻየደሎም ሓደ’ዩ ነይሩ። ብተግባር ድማ እቲ ናብ ሃገራዊ ባይቶ ተወኪሉ ዘሎ መሪሕነት ብኸምዚ ዓይነት ዝመጸ ደኣምበር ብድምጺ ብልጫ ጥራሕ ኣይነበረን። ንቕድሚት’ውን ብዕምቆት ክስረሓሉ ከም ዘለዎ’ዩ ርእዩ እቲ ጉባኤ፡ ጽቡቕ መሰረት ድማ ኣንጺፉ ኣሎ ዝብል እምነት ኣለኒ። እቶም ሰነዳት ብዝምልከት እንተኾይኑ፡ እቶም ሰነዳት ቀለልቲ ኣይኮኑን፡ ሰፊሕ ትሕዝቶ ዘለዎ”ዩ። ኣብ’ቲ ጉባኤ ዝቐረባ ሓሳባ’ውን ከምኡ ብዙሕን ሃናጽን’ዩ። ሃገራዊ ባይቶ ንፈጻሚ ሽማግለ ሓዊሱ ከጻፍፎ ሓላፍነት ስለ ዝተዋህቦ፡ ምስተጻፈፉ ሓቢርና ንሪኦ’ዩ ዝኸውን እንተዘየለ ኣብ ርእሲ’ቶም ዝቐረቡ ሰነዳት ዳርጋ ከክንድኡ ዝኸውን ሓሳባት’ዩ ቀሪቡ ካብ’ቲ ጉባኤተኛ። ስለዚ ከኣ ኣዝዮም ኣገደስቲ ሰነዳት’ዮም ሓሊፎም ዘለው ክብል እደፍር።*

*ሕቶ፡ ኤርትራ ሕብረ-ብሄራዊት ሃገር’ያ ጥራሕ ዘይኮነትስ ሕብረ-ሃይማኖታዊት ሃገር’ውን’ያ። ስለዚ ከኣ ሓደ ካብ’ቶም ኣብ ኤርትራ ዘለው ወጽዓታት ዝኾነ ሃይማኖታዊ ውደባ ኣሎ’ዩ። ኣብ መኽፈቲ ሃገራዊ ጉባኤ ድማ መራሕቲ ሃይማኖት ተረኺቦም መልእኽቲ ኣሕሊፎም ነይሮም  ብዛዕባ’ዚ እንታይ ክትብሉና ትኽእሉ?*

*ብ/ሙሉ ብመሰረቱ ህዝብታት ኤርትራ ብሰንኪ ሃይማኖታዊ እምነቱ ተጓኒጹ ኣይፈልጥን። እቶም ፈጠርቲ ጸገም ቅድም መራሕቲ ውድባት ኤርትራ ሕጂ ድማ ብዓቢኡ ፍልልያት ንምፍጣር ዝሰርሕ ዘሎ መንግስቲ ህግደፍ’ዩ። ካብ’ዚ ተበጊሱ ድማ’ዩ እቲ ብውድብ መልክዕ ንመሰሉ ዝቃለስ ዘሎ። እዚ ሃይማኖታዊ ወጽዓ’ዚ፡ ሓደ ካብ’ቶም ቅልጡፍ ፍታሕ ዘድልዮም ሰብኣዊ መሰላት’ዩ። ኣይኮነን’ዶ ከም ህግደፍ ዝበለ ጨፍጫፊ መንግስቲ ዘለወላ ሃገር፡ ኣብ ደሞክራስያዊት ሃገር’ውን ሃይማኖታዊ መሰል ሰብኣዊ መሰል’ዩ። ካብ’ቶም ክእመነሎምን ክኽበርን ዘለዎን’ዩ። ስለዚ እዚ ሃይማኖታዊ መሰልን ውደባን’ዚ ካብ ወጽዓ ዝተወልደ’ዩ። ወጽዓ ንምልጋስ ዝተወደበ ቅኑዕን ኣብ ቦትኡን’ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ምኽንያቱ መሰልካን እምነትካን ከየኽበርካን ከይተኸላኸልካን ብሃገር ደረጃ ሰላምን ደሞክራስን ከተረጋግጽ ስለ ዘይትኽእል፡ ሃይማኖታዊ ውደባ ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ቅኑዕ’ዩ። ከም’ቲ ህግደፍን መሰልቱን ጸለሎ ዝቐብእዎ ዘይኮነስ፡ ዝተወጸዐ መሰሉ ንምኽባር ዝቃለስ ዘሎ’ዩ። ስለዚ ኣነ ቅኑዕ ድዩ ሃይማኖታዊ ውደባ ንዝብል እወ ቅኑዕ’ዩ። ምኽንያቱ  እንታይ’ከ ፍታሕ ኣለዎም ብዘይካ ተወዲቦም ምቅላስ። ኤርትራ ከም’ዚ ሕጂ ህግደፍ ፈጢርዎ ዘሎ ብተግባር ጓናን ዜጋን ንኾነላ ዘይኮነ፡ ናይ ኩልናያ’ሞ ኩልና ንኾርዓላ ተኸባቢርና ንነበረላ ሃገር ክትከውን ስለ ዘለዋ፡ ዜግነታዊ መሰል ብሄራዊ መሰል ሃይማኖታዊ መሰል ኩሎም ናይ ግድን ክኽበሩ ዘለዎም መሰላት’ዮም ጥራሕ ዘይኮነ፡ ካብ’ቶም ኣብ ኤርትራ ሰላምን ደሞክራስን ምህላው ዘረጋግጹ መሰላት ምኻኖም ኣሚናን  ተኸባቢርናን ብሰላም እፎይ ንብለላ ኤርትራ ከነምጽእ በርቲዕና ክንቃለስ ኣለና። እቶም ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብኣካል ዝተረኽቡ ይኹን ብደብዳቤ መልእኽቶም ዘስምዑ መራሕቲ ሃይማኖት ነቲ ኣብ ርእሲ እምነቶምን ህዝቦምን ዝበጽሕ ዘሎ በደላትን መፍትሒኡን ኣመልኪቶም ዓሚቕ ተንታን ሂቦም። ስምዒት ናይ ጉባኤኛ ካብ ዝማረኸ ሓሳባት ብቐዳምነት ዝስራዕ ድማ ብመራሕቲ ሃይማኖትና ዝተዋህበ መግለጽን ተንታንን’ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ።*

ሕቶ፡ መራሕቲ ሃይማኖት ኣብ ኤርትራ ብህግደፍ ኣብ ዝህደንሉ ሃገራዊ ጉባኤና ከኣ ብመራሕቲ ሃይማኖትና ተባሪኹ ተኸፊቱ፡ እዚ ኣዝዩ ጽቡቕን ክቕጽል ዘለዎን'ዩ ብጭቡጥ እቶም መራሕቲ ሃይማኖት ዘሕለፍዎ መልእኽቲ ንሰማዕትና እንተትገልጹልና?

ብ/ሓረስታይ፡- ነዛ ሕቶ እዚኣ ምምጻእካ ብጣዕሚ ሕጉስ'የ ብጸይቲ ሙሉ'ውን ገሊጻ'ቶ ነይራ ኣብ ኤርትራ ናይ ሃይማኖት ሽግር ወይ ሃይማኖታዊ ባእሲ ዝመንቀሊኡ ዝተራእየ ረጽሚ የለን። እዚ ሕጂ ዘሎ ውደባታት ድማ ብከምኡ ዝመጸ ኣይኮነን። እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ናይ ሃይማኖት ወጽዓን ውደባን ናይ መራሕቲ ጸገም'ዩ ናይ ፖለቲካዊ ምሕደራ ጸገም'ዩ፡ ስለዚ እቶም ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ መደረ ዘስምዑ ኣቦታት ብግልጺ ናይ ሃይማኖት ባእሲ የብልናን ዝብል መልእኽቲ'ዮም ኣመሓላሊፎም። ብርግጽ ከኣ ንሱ'ዩ እቲ ሓቂ። ናይ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያን ኣቦ፣ ናይ ምስልምና ኣቦ፣ ናይ ባህላዊ እምነት ኣቦ፣ ብኣካል ናይ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ድማ ብደብዳቤ ዘቕረብዎ ሓሳባት፡ እቲ ገዛ ዝነውሐ ብጣቕዒት ዝዓጀቦ'ዩ ነይሩ። ብሃይማኖት ኣይትሸገሩ ኣይትሰከፉ ብሃይማኖት ተኸባቢሩ ዝነብር ህዝቢ'ዩ ዝብል ሃናጺ ሓሳብ ኣቕሪቦም። እቲ ገዛ ድማ ተቐቢልዎ ነቲ ጉባኤ ከኣ ብኣወንታ ዝጸለወ ነይሩ ክብል እደፍር።

ሕቶ፡ ውድብና ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደግሓኤ/ ካብ ቅድም ጀሚሩ ናብ ምሕዝነት ሓድነት ሓይልታት ሰውራ ትኹረት ገይሩ ዓቕሙ ጸንቂቑ ክሰርሕ ዝጸንሐ ወድብ ምኳኑ ዝፍለጥ'ዩ ኣብ ምዕዋት መደባት ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ'ኸ እንታይ ክገብር ኣለዎ ትብሉ?

ብ/ሙሉ ብመሰረቱ ኣባል ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ብምኳነይ ዝስመዓኒ ሓጎስ ደረት የብሉን። ከመይሲ ናይ ውጹዓት ህዝብታት ኤርትራ ሕቶ ንምምላስ ዝቃለስ ዘሎ ደሞክራስያዊ ውድብ ብምኳኑ። እዚ ውድብ'ዚ ንነገራት ብመንጽር ፈታውን ጸላእን ባህርን ግብርን እስትራተጂን ስልትን ፈላለዩ ዘንብብ ካብኡ ተበጊሱ ዝተነጸሩ መደባት ዘንብር ደሞክራስያዊ ውድብ'ዩ። መንግስቲ ህግደፍ ጸረ-ህዝቢ መንግስቲ ምኳኑ ንሱ ከይተደምሰሰ ኣብ ኤርትራ ህዝብታት ማእከል ዝገብረ ቀጻልነት ዘለዎ ሰላምን ደሞክራስን ክረጋገጽ ኣይኽእልን ዝብል መትከላዊ መርገጽ ሒዙ ክቃለስ ዝጸንሐ ውድብ'ዩ። ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ፕሮግራምና ተዓዊቱ ማለት ህዝባዊ ረብሓታት ተዓዊቶም ማለት ካብ ዝብል ኩርናዕ ነቒሉ ንህዝባዊ ረብሓታት ቀዳምነት ሂቡ ክሰርሕ ዝጸንሐን ዘሎ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ፖለቲካዊ ውድብ'ዩ። ኣብ'ዚ ዝመጸእናዮ ናይ ምሕዝነትን ሓድነትን ቃልስታት ዝነበሮ ግደ ምስ እንርኢ፡ ሕቶ ህዝቢ ምምላስ ብርሑቕ ረብሓታት ህዝቢ ማእከል ዝገበሩ ቅዋማት ጨቢጥካ ምቅላስ መለለይኡ'ዩ እንተብልኩ ሓቂ ደኣምበር ኣየጋነንኩን። ኣብ ምሕዝነት ይኹን ኣብ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ክኸፍሎ ዘለዎ ዋጋ ዝኸፈለ፡ ነዚ ሕጂ ተበጺሑ ዘሎ ተስፋ ዝህብ ምጽጽውዋር ባይታ ካብ ዘንጸፉ ውድባት ሓደ ብምኳኑ ኣዝዩ የሕብነኒ።

ኣብ ምዕዋት ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኮነ፡ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብተመሳሳሊ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ኩሉ መሓውራቱ ኣኽቲቱ ክረባረብ ዝጸንሐን ዘሎን'ዩ። ምኽንያቱ፡ ብህዝቢ ዝለዓሉ ናይ መሰል ሕቶታት ትኹረት ሂብካ ንዕኦም ደጊፍካ እንተዘይተቓሊስካ፡ ፖለቲካዊ መደብ-ዕዮኻ ክዕወት ኣይክእልን። ስለምንታይ'ሲ እቲ ፕሮግራም ንህዝባዊ ረብሓታት ማእከል ገይሩ ዝተቐርጸ እንተደኣ ኮይኑ፡ ብተግባር ድማ ንዕኡ ዝትርጉም ኣሰራርሓ ክህሉ ናይ ግድን'ዩ። ስለዚ እዚ ውድብ'ዚ ዝወሰዶ መረገጻት ዕቱብዩ'ሞ ከየመነስከዎ ድማ ክሓልፍ ኣይደልን

ብ/ሓረስታይ፡- መቸስ ኣብ ሓደ ውድብ ክትቃለስ እንከለኻ ሕማቕ ክረኽቦ ኣይትደልን ጸጽብቑ ኢኻ ትምነ። እዚ ማለት ግን ንውድብካ ትገብሮ ደገፍ ኣብ ሓቂ ዝተመስረተ ክኸውን ከኣ ኣገዳስነት ኣለዎ። ብመጀመርታ ኣብ ግዜ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ህዝቢ ማእከሉ ዝገበረ ህዝቢ ዘሳትፍን

እናተባህለ ክዝረብ እንከሎ ተመሊሰ ክርኢ እንከለኹ፡ ዘሕለፍናዮ ቃልሲ ንኹልና ርዱእ ይመስለኒ። ብፍላይ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ንነብር ኣባላት ናይ'ዚ ውድብ፡ ክሳብ ክንደይ ውድባዊ ኩነታት ኣዛሕቲልና ናብ'ቲ ናይ ሓባር ስራሓት ዝያዳ ትኹረት ንሃብ እንዳበልና ጸቕጢ ንገብር ከም ዝነበርና ሕጂ ክዝክሮ እንከለኹ ኣዝዩ ይገርመንን የሕብነንን። ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ምስ መጸ'ውን ብደረጃ ናይ ሓባር ግንባርና ደኣምበር፡ ብደረጃ ውልቀ ውድብን ክንቀሳቐስ የብልናን ኢልና ንምክት ዝነበርና ኣባላት ኢና። መዓልታዊ ንጥፈታት ኣባላት ናይ'ቲ ውድብ እንተርኢና'ውን ብተግባር ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ናይ ኪዳን ተሰኺፎም'ዮም ዝሰርሑ ነይሮም። ኣብ ሃገራዊ ዋዕላን ሃገራዊ ጉባኤን ብተመሳሳሊ በርገስ ማሕበራት ክሳተፉ ኣለወን ህዝቢ ክሳተፍ ኣለዎ ኢሎም ካብ ዝነጥፉ ዝነበሩ ኣባላት ውድባት ብግንባር ቀደም ዝስራዕ'ዩ ክብል እደፍር። ኣባላት'ዚ ውድብ ኪዳን ምስ በርገስ ማሕበራት ተመሓዝዩ ክሰርሕ ኣለዎ፡ ዝግበር ዋዕላን ጉባኤን በርገስ ክሳተፍዎ ኣለዎም ኢሎም ዝገብርዎ ጻዕሪ ብቐሊል ዝረአ ኣይኮነን። ከም ኣብነት እዝክር መታን በርገስ ክሳተፉ ዋላ ንሳቶም ዓቕሚ እንተዘይብሎም ንሕና ከፊልና ክንሰዶም ኣለና ኣብ ዝብል ዝተሰማማዕናሉ እዋን ከም ዝነበረ። እዚ ንስለ ተራ ጃህራ ዝዛረቦ ዘለኹ ኣይኮነን፡ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጥን ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጥን ኣብ ምዕዋት ዝተጻወቶ ተራ ኣብ ታሪኽ ዝሰፍር ደኣምበር፡ ሕጂ ከም'ዚ ገይርና ኢልና ንጀሃረሉ ወይ ኣይገበርናን ኢልና ነብስና ነትሕተሉ መድረኽ ኣይኮነን።

ሕጂ'ውን ነዚ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዘውጸኦ መደባት ንምዕዋት፡ ብምሉእ ዓቕምና ክንረባረበሉ ምኻና ይተኣማመን'የ። እዚ ሕጂ ተረኺቡ ዘሎ መኽሰባት ናይ ቃልሲ ፍረ ቃልስናን ናይ መሓዙትናን'ዩ። ንምንታይ ብሓደ ኢድካ ከተጣቕዕ ስለ ዘይትኽእል'ዩ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ፡ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ሕጂ ድማ ብሃገራዊ ጉባኤ ኣቢልካ ዝሕለፍ ዘሎ'ሞ፡ ንቕድሚት'ውን እቲ ናይ ሓባር ወይ ናይ መሓዙት ቃልሲ'ዩ ክኸይድን ክዕወትን ዘለዎ። ነንበይንኻ ዘዐውት ኣይኮነን።

ሕቶ፡ ከም'ቲ ዝገለጽካዮ ናይ ሓባር ሕቶ ብናይ ሓባር ቃልስን ተሳትፎን'ዩ ዝረጋገጽ፡ ብሓደ ኢድካ ኣጣቒዕካ ከተዐውቶ ኣይትኽእል ኢኻ። ግን ኣብ'ዚ ንድሕሪት ምልስ ኢልና ክንሪአ ዘለና፡ ውድብና ኣብ ክንዲ ናብ ውሽጣዊ ውድባዊ ኩነታቱ፡ ናብ'ቲ ናይ ሓባር ግንባር ዕማማት ኣብ ምፍጻም'ዩ ዘተኩር ተባሂሉ ይሕመዩ፡ ነዚ ከ እንታይ'ዩ ርእይቶኹም?

ብ/ሓረስታይ፡- እወ እቲ ዝበሃል ዘሎ ንሕና'ውን ሓደ ሓደ ግዜ ንብሎ እንዲና፡ ናይ ውድብና ዕማማት ተረሲዑ ናብ ናይ ሓባር መደባት ኣድሂብና ኢልና ንዛረብ ኢና። ግን፡ እቲ ናይ ውድብና ንጥፈታት ዋላ እንተሰፍሐ እንተሓየለ ንበይኑ ናበዩ ክኸይድ? ምልስ ኢልና ታሪኽ ናይ ጀብሃ ንዘክር፡ ጀብሃ ንሜዳ ኤርትራ ንበይና ሒዘቶ ነይራ፡ ስለምንታይ ወዲቓ ክምለስ ዘለዎ ሕቶ'ዩ። ህዝባዊ ግንባር ምሉእ ኤርትራ ምስ ምሉእ ሓይሉ ሒዝዎ ከመይ ኢሉ ረማዕማዕ ይብል ኣሎ ከኣ ንሪአ ኣለና። ነቲ ውድባዊ ዕማም ከም መሳርሒ ተጠቒምካ መሓዙት እንዳጥረኻ፡ እንዳሰፋሕካ ናይ ሓባር ኣረኣእያ እንዳፈጠርካ፡ ዘይመሰረታውያን ፍልልያት እንዳወገድካ፡ ከመይ ገይርካ ትርግታ ናይ ህዝብኻ ትምልስ ትድብስ፡ ኣብ ጸብጻብ ኣእቲኻዩ ክኸየድ ዘለዎ። እዚ ክብል እንከለኹ ግን እቲ ውድባዊ ዕማም ጨሪሱ ኣይሃሉ ማለት ኣይኮነን። ንምንታይ ንሱ'ውን ንባዕሉ ሓደ ቱል ወይ መሳርሒ ነቲ ናይ ሓባር ግንባር ስለ ዝኾነ፡ ክልቲኦም ዘይነጻጸሉ ናይ ግድን ከተማልኦም ዘለካ ዕማማት'ዮም ኢለ እርኢ።

ብ/ሙሉ ብመሰረቱ ንሕና ከም ውድብ እምነትና ህዝባዊ እምነት'ዩ። ማእከልና ህዝቢ'ዩ ክንብል እነከለና ነቶም ኣብ ኤርትራ ተረጊጾም ዘለዎ መሰላት ብቐንዱ ምርግጋጽ'ዩ። ኣብ'ቲ ሃገራዊ ግንባር ኣቲና ክንቃለስ እንከለና እዚኣቶም በሪኾም ክወጹ ባይታ ክረኽቡ ካብ ዝብል ኢና። ስለዚ መደብ-ዕዮና መትከላትና ክዕወቱ እንተደኣ ኮይኖም እቶም መሰረታዊ ነገራት ከመይ ንረባረበሎም'ዩ። ውድብና ሚዛናዊ ዝኾነ ቃልሲ የካይድ ኣሎ፡ ቀንዲ ትኹረቱ ህዝቢ ማእከል ዝገበረ ስለ ዝኾነ፡ ዝበዝሐ ግዜኡ ድማ ናብ'ዚ ዘቕነዐ ክኸውን ባህሪያዊ'ዩ። ካብ ህዝቢ ዝተላዕሉ መሰረታውያን ናይ መሰል ሕቶታት

*ክምለሱ እንተደኣኮይኖም፡ ህዝቢ ከመይ ፈታዊኡን ጸላኢኡን ፈልዩ ይፈልጥ ኣብ ምንቃሕን ምውዳብ ምስ ኩሎም መሓዙት ውድባት ኮይኑ ተርኡ ይጻወት ኣሎ። ብሓጺሩ ኣብ ኤርትራ ውሑስ ሰላምን ደሞክራስን ንምምጻእ ዝኽእል ዕድመ ህግደፍ ዘሕጽር መደባት ሒዙ ይረባረብ ኣሎ። ከም ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ፕሮግራም ወኒኑ ዝቃለስ ዘሎ ደሞክራስያዊ ውድብ፡ ከምኡ ክገብር ከኣ ናይ ግድን'ዩ። እቲ ቀንዲ ክኸውን ዘለዎ ነቲ ኣብ'ቲ ባይታ ዘሎ ህዝባዊ ሕቶታት ምስማዕን ምምላስን ነቲ ዝገጥም ብደሆታት ብጽንዓት ገጢምካ ምስዓርን'ዩ። ነቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ኩሉ ጸኒዕካ ምቅላስን ምስዓርን ማለት ደማ ሓቢርካ ደኣምበር ተነጻጺልካ ኣይኮነን። ስለዚ ውድብና ኣብ ኪዳን ይኹን ኣብ ምዕዋት ዋዕላን ሃገራዊ ጉባኤን ዝተጻወቶ ተራ ካብ'ቶም መሰረታውያን ዕላማታት ዘንጊዕና ኣይንብልን። ምኽንያቱ ብቐንዱ መትከላትና ህዝባዊ ዕላማታት ስለዝኾኑ።*

*ሕቶ፡ ብዛዕባ መንእሰያትን ደቂ-ኣንስትዮን ተሳትፎኦም ኣብ'ዚ ቃልስን'ከ እንታይ ክትብሉና ትኽእሉ?*

*ብ/ሙሉ ኣነ ብዝምድናዊ ኣዘራርባ ተሳትፎ ናይ መንእሰያትን ደቂ-ኣንስትዮን ናብ ዝሓሸ መድረኽ ናይ ቃልሲ ተሰጋጊሩ ኣሎ'የ ዝብል። ምኽንያቱ እቲ መንእሰይ ኮነ እታ ጓል-ኣንስተይቲ እቲ መንግስቲ ብዝፍጽሞ ዘሎ ልጓም ኣልቦ ግፍዕታት ተቐጢያም ኣለው። እቲ ንሪኦ ዘለና ዋሕዚ ስደትን ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታ ዘጋጥሞም ዘሎ ዝተፈላለየ ሓደጋታትን መርኣያ ናይ'ቲ ተቓውሞ ገይርካ ዝውሰድ'ዩ። ብጽማቕ 'ምበኣር እቲ ናይ መንእሰያትን ደቂ-ኣንስትዮን ውዳበታት ናብ ዝሓሸ መድረኽ'ዶ ይሰጋገር ኣሎ? እወ ይሰጋገር ኣሎ። ኣኻሊ ድዩ'ሞ ኣኻሊ ኣይኮነን። ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢኡ ብንቕሓት ክቃለስን ተቓሊሱ ስዒሩ ሰላምን ምርግጋእን ክፈጥር ቀጻሊ ጎስጓሳት የድልዮ። ብርግጽ ኣቐዲመ ከም ዝበልክዎ ብተግባር'ውን ኣብ ሰላማዊ ሰልፍታትን ካልእ ዝረኣ ዘሎ ተሳትፎ ናይ መንእሰያት ይበል ዘብል'ዩ። ግን ካብ'ዚ ንላዕሊ ክሓንን ዝተጨበጠ ዕላማ ክውንን ናብኡ ቀሪብካ ኣጆኻ ምባሉ የድሊ።*

*ሕቶ፡ ብልክዕ ከም'ቲ ብጸይቲ ሙሉ ክትገልጾ ዝጸንሐት ኤርትራውያን መንእሰያት ብፍላይ ድሕሪ'ቲ ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ዝተራእየ ህዝባዊ ናዕብታት፡ ዝያዳ ዝተተባባዑ ሓኒኖም ዝኸዱ ዘለው'ዮም ዝመስሉ። ግን እቲ ዝኸፍአ  ሕጂ ዝኽሰት ዘሎ  ስደትን ሳዕበናቱን'ዩ። ብፍላይ'ዚ ኣብ በረኻታት ሲና ዘጋጥም ዘሎ፡ ቅድሚ ሕጂ ሰሚዕናዮ ዘይንፈልጥ ዘስካሕክሕ ግፍዕታት ከመይ ክእለ ኣለዎ ኢልኩም ትሪኡ?*

*ብ/ሓረስታይ፡- እወ እዚ ዝኸይድ ዘሎ ስደት መርኣያ ናይ ሕሱም ምሕደራን መግለጺ ናይ ተቓውሞን'ዩ። ኣብ'ዚ ካብ መድረኽ ናብ መድረኽ ዝተፈላለዩ ሽግራት የጋጥሙ ኣለው፡ ንሓንሳእ ብባሕሪ ንሓንሳእ ብምድረበዳ ሕጂ ከኣ እቲ ዝኸፍአ ውሽጣዊ ህዋሳቶም እንዳሸጥካ ኣብ ልዕሊ ኣሕዋትናን ደቅናን ዘጋጥም ዘሎ ሽግርን ንሪኦ ዘለና'ዩ። ኣብ ክንዲ ብከምኡ ዓይነት ተቓውሞኻ ምግላጽ ተቓሊስካ ነቲ መንግስቲ ሓንሳእ ንሓዋሩን ክገብርዎ ቀዳማይ ምርጫኦም ክኸውይን ይግበኦ። ግን እቲ ስርዓት ናቱ ምእዙዛት ኮይኖም ክኸዱ፡ ካብኡ ሓሊፎም ከኣ እዛ ዝወስድዋ ዘለው ስጉምቲ ክወስዱ  ብዘኽእሎም'ዩ ክምልምሎም ጸኒሑ። ስለዚ ከኣ'ዮም ኣንጻሩ ክገብርዎ ዘለዎም መኸተ ከም'ቲ ዝድለ ክደፍእሉ ኣይጸንሑን እንዳተባህሉ ክሕመዩ ጸኒሖም።  እቲ ደምበ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ'ውን ኣንፈቶም ኣነጺሮም ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢኦም ክቃለሱ ኣብ ዝምግባር ክጻወቶ ዝግበኦ ተራ መሊኡ ክሰርሕ ጸኒሑ ኣሎ ክትብል ኣየድፍርን። ስለዚ እዚ ከመይ'ዩ ዝፍታሕ ንዝብል ምቅላስ'ዩ ካልእ ፍታሕ የለን። ኣብ'ቲ ምቅላስ ግን ኣንፈት /ዳሬክሽን/ የድልዮ፡ መሪሕ የድልዮ'ዩ። ብፍላይ ኣብ'ዚ ሃገራዊ ጉባኤ ከም ዝተዓዘብናዮ መንእሰያት፡ ደሓን መንገዲ ክሕዙ ዝጀመሩ ይመስሉ፡ እዚ ንድሕሪት ከይምለስ ወይ ኣብ ጉዕዞ ስደት ንከንቱ ሂወትካ ካብ ምጥፋእ ናብ'ዚ ናይ ሓባር ዕማም ዝኾነ ህዝባዊ ቃልሲ ኣንፈቶም ክገብሩ ኣለዎም። ንሱ ድማ'ዩ እቲ ዘድሊ ዘሎ'ሞ ሓቀኛ መሪሕ ደሞክራስያዊ ሓይሊ ኣብ ምርካብ ንሳቶምን እቲ ቅድም ዝጸንሐ ውድባትን ክጽዕተሉ ይግባእ። ብዘይ ውደባ፡*

ህዝባዊ ኣረኣእያ፡ መሪሕ ባእታታት፡ ክንዲ ዝኾነ ንለውጢ ዝብህግ ስምዒታት ይሃሉ ፍረ ኣይህብን'ዩ። እቲ ኣብ'ቶም ቀዲሞም ክቃለሱ ዝጸንሑ ደለይቲ ለውጢ ዘሎ በበይንኻ ጉዕዞ ንገዛእ ርእሱ ነቶም መንእሰያት ዘተባባዕ ስለ ዘይኮነ፡ ክቐየር ኣለዎ። እዚ እንተተቐይሩ ድማ ብዝያዳ እቲ ናይ መንእሰያት ሱታፌ ኣብ'ቲ ቃልሲ ሓኒኑ ክቕጽል'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ቀዳምነት ግን ሂወት መንእሰያትና ምድሓን ትኹረት ክወሃቦ ይግባእ።

ሕቶ፡ ብ/ሙሉ ብዛዕባ ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ኣመልኪትኪ እንታይ ክትብልና ትኽእሊ?

ብ/ሙሉ ኣነ ንኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ዘሕልፎ መልእኽቲ እንተደኣ ሃልዩ፡ ከም'ቲ ጸረ-ባዕዳዊ መግዛእቲ ዘርኣኽዮ ሓርበኛዊ ተጋድሎ፡ ሕጂ ድማ ነዚ ዓማጺ ስርዓት ህግደፍ ሓንሳእን ንሓዋሩን ኣቃቢጽኪ ሰላምን ርግኣት ዘለዋ ኤርትራ፡ መሰረታዊ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰልኪ ዝረጋገጸላ ኤርትራ ንምምጻእ ሓኒንኪ ክትቃላሲ ይግባእ። ምኽንያቱ ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ህላወ ናይ'ዚ ጉጅላዊ መንግስቲ'ዚ ኣብ ርእሲ ሓዘን ሓዘን ደኣምበር ሰላም ኣይተደበሰትን። መርወዪ ግዱድ ስጋዊ ርክብ፡ ዘይተደላዩ ጥንስን ሕማም ክትከውን ደኣምበር፡ በቲ ንቡር ኣገባብ ንቡር ኣይረኸበትን። ኣብ ትሕቲ ዓሚቕ ድኽነት ዘኻትም ቆልዑ ከተዕቢ'ያ ትኽርትት ዘላ ፍጥርቲ'ያ። ስለዚ ካብ'ዚ ክትወጽእ እንተኾይና ኣብ'ቲ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ብተግባር ተሳትፎኣ ከተረጋግጽ ኣለዋ። ዝምስገን ጅማሮታት ኣሎ'ዩ፡ ግን ካብኡ ብዝሓየለን ዝተዓጻጸፈን ክቕጽል ኣለዎ።

ሕቶ፡ ኀኒ ንኀኒ ምስ'ቲ ብፖለቲካዊ ውድባት በርገስ ማሕበራትን ካልኦት መሻርኽቲ ኣካላትን ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ፡ ነቲ ዘሎ ወጽዓታት ኣብ ምቅላሕ ውዳቤታት ኣብ ምስፋሕ ልሉይ ተራ ዝጻወታ ደለይቲ ለውጢ ዝኾነ መራኸቢ ብዙሓን ንምትብባዕ እንታይ ክገብር ኣለዎ?

ብ/ሓረስታይ፡ ብጣዕሚ ጽብቕቲ ሕቶ ኣምጺእካ፡ መጀመርያ ኩሉ ደላዩ ለውጢ ዝኾነ ወገን በብታ ዝኽእላ ገለ ኣበርክቶ ክገብረሉ ዘለዎ መድረኽ'ዩ። ከም'ቲ ዝበልካዮ ብዙሓት ሚድያታት ኣለዋ። ብደረጃ ዌብ-ሳይት ረድዮ፡ ጋዜጣ፣ ተለቪዥ'ን ካልኦትን ተወዲበን ኣንጻር'ዚ ኣብ ሃገርና ዘሎ በይናዊ መንግስቲ ክንድታ ዝዓቕመን ዘቃልዓን ዘቃልሳን ኣለዋ'የን። ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ኣብ ሃዋሳ ኢትዮጵያ ዝተሰላሰለ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ናይ ሚዲያ ትካላት ዝነበረን ተሳትፎ ዕዙዝ ምንባሩ ርዱእ'ዩ። ስለዚ ሕጂ'ውን ካብ'ቲ ክገብርዎ ዝጸንሑ ብዝተዓጻጸፈ ዓቕሚታቶም ኣወሃሂዶም ነዚ መንግስቲ'ዚ ኣብ ምውዳቕ ተርኦም ክጻወቱ ከም ዘለዎም'የ ዘተባብዕ። ናይ ሚዲያ ትካላት ጥራሕ ዘይኮነ ዝተፈላለየ ሞያ ዘለዎም ምሁራት ኤርትራውያን ናቶም ሓገዝ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ወሳኒ'ዩ። ዓበይቲ ለባማት ዝድለይሉ እዋን'ዩ። መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ኮታ ኣሎ ዝበሃል ዝተወደበን ዘይተወደበን ኤርትራዊ ነዛ መድረኽ እዚኣ ኣድላይነታ ብግቡእ ተገንዚቡ ኩሉ በብዓቕሙ ክረባረብ ኣለዎ። ኣብ'ዚ ከይጠቐስክዎ ክሓልፍ ዘይደሊ እቲ ኣብ ትሕቲ ህግደፍ ዘሎ ሰራዊት ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ እቲ ብኣስገዳድ ተዓስኪሩ ሓመድ ድፋጭኡ ዝበልዕ ዘሎ ውጹዕ ሰራዊት፡ እቲ ዘለዎ ቦታ ዘይናቱ ምዃኑ ህግደፍ ጸላኢኡን ኣንጻር መረታዊ ጥቕሙን ምዃኑ ብንቕሓት ተረዲኡ፡ ኣብ ኀኒ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ክስለፍ፡ ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ዝጥለበሉ ዘሎ መድረኽ'ዩ። ኣታ ኣብ ትሕቲ ባርነት ትነብር ዘለኻ ሰራዊት፡ ናይ ቃልስን ለውጥን ሸዋሃትካ ከፊትካ ብተግባር ኣንጻር ናይ'ቲ ኣጽሊልካሉ ዘለኻ መላኺ መንግስቲ ደው ክትብል ናይ ምርጫ ጉዳይ ዘይኮነስ፡ ናይ ሂወትካን ሂወት ህዝብኻን ምድሓንን ዘይምድሓንን ወሳኒ ጉዳይ ምዃኑ ኣይትዘንግዕ። እዚ ብዓወት ዝተጸንበለ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ቀሪጽዎ ዘሎ መደባት ንዓኻውን ኣብ ግምት ዘእተወ ስለ ዝኾነ፡ ኣዕዋቲኡ ደኣምበር ኣንጻሩ ከይትኸውን እጽወዓካ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ንኹሎም'ቶም ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ብኣካል ተሳቲፎም ልዑል ኣበርክቶ ዝገበሩ ተቓለስቲ ከመስግኖም እደሊ።

*ሕቶ፥- ኣብ መወዳእታ ኣብ’ዚ ነካይዶ ዘለና ቃልሲ ደጋፊ ተራ ዝጻወቱ ጎረባብቲ ህዝብታትን መንግስታት ኣለው’ዮም፣ ብዛዕባዚኦም’ከ እንታይ ትብሉ?*

*ብ/ሙሉ፣ በዚ ኣጋጣሚ’ዚ ንኹሎም ነዚ ፍትሓዊ ሕቶና ደጊፎም ኣብ ጎኒና ደው ዝበሉ ጎረባብቲ ሃገራት ብሓፈሻ ምስጋና ይብጽሓዮም። ብፍላይ ከኣ ሰንዓ ፎርም ብዝያዳ ድማ  መንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ ዝገብርሉና ዘለው ምድግጋፍን ምትብባዕን ከየመስገንክዎ ክሓልፍ ኣይደልን። ምኽንያቱ ክልቲኦም ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘላቒ ሰላም ረኺቦም ብልምዓት ንቕድሚት ክምርሹ እንተደኣ ኮይኖም፣ ሕድሕዶም ክረዳድኡ ክተሓባበርን ክተሓጋገዙን ኣለዎም። እዚ መንግስትን ህዝብን  ኢትዮጵያ ኣብ ሃዋሳ ኣብ ዝተቓነዐ ሃገራዊ ጉባኤና ኣብ ምዕዋት ዘርኣይዎ ኩለ-መዳያዊ ምድግጋፍን ምትሕብባርን ብዘይካ ብናይ ሓባር ሰላምን ሓባራዊ ዕቤትን ብካልእ ዘይትመን ሰናይ ተግባር፣ ከም ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ደጊመ ልባዊ ምስጋናይ ይገልጽ። እዚ ዝግበር ዘሎ ምድግጋፍ ኣብ ኤርትራ ሰላም ዘምጽእ’ዩ። ንዕቤት ናይ ኢትዮጵያ ዘይትተናኾል ቅስንቲ ኤርትራ ኣብ ምፍጣር ናቱ ኣወንታዊ ኣጽተዋጽኦ ዝገብር’ዩ። ነዚ ሓባራዊ ረብሓታት’ዚ ተረዲእኩም ትገብርዎ ዘለኹም ምድግጋፍ ኣብጽብኩም ይመለስ እበል።*

*ሕቶ፣ መንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ ኣብ ጎኒ ፍትሓዊ ቃልስና ደው ኢሎም ዝገብርዎ ዘለው ምድግጋፋት ኣብ ቀጻሊ ዝምድና ናይ ክልቲኦም ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን እንታይ መሰረት የንጽፍ ትብሉ?*

*ብ/ሓረስታይ፥- እዚ ጉዳይ’ዚ ካብ’ቲ ብዕምቆት ዘተሓሳስበኒ ነጥቢ’ዩ። ልክዕ’ዩ እቲ ዝግበር ዘሎ ምትሕብባር ናይ ሓባር ረብሓ ንምርግጋጽ’ዩ። ይኹን ደኣምበር ንዓና ነቶም ኣብ ሽግር ዘለና ኤርትራውያን ንምድጋፍ ዝተገብረ ስለዝኾነ ፍሉይነት ኣለዎ። ኣነ እቲ ዝረኣክዎ ምቕሉልነትን ነገራዊ ምድግጋፋትን ጥራሕ ዘይኮነ፣ እቲ ኣብ መኽፈትን መዕጸውን ናይ’ቲ ጉባኤ ዘቕረብዎ ፖለቲካዊ መልእኽቲ’ዩ። ካብኡ ቀጺልካ ኣብ ኣዳማ ዝተገብረልና ኣቀባብላን ዝቕረበ ሃናጺ ሓሳባት ኣዝዩ ካብ’ቲ ዝመሰጠኒ ነይሩ። እሞ እቲ ዝተገብረ ምድግጋፍ ንናይ ህዝብና ራህዋ ብኡ ኣቢሉ ድማ ንሰላም ናይ’ዚ ዞባ’ዚ ስለዝኾነ፣ እዚ ናይ ሓባር መዓልቲ ተረኺብዎ ክልቲኦም ህዝብታት ብሓባር ንናይ ሓባር ሽቶ ዝሰርሕሉ መደባት ከጋጥም ተስፋ እገብር። መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ዝገብሮ ዘሎ ምድግጋፋት ኣዛይዱ ክቕጽሎ ከኣ ይጽውዕ።*

*ሕራይ ዝኸበርኩም ኣጋይሽና ዕድመና ኣኽቢርኩም መጺእኩም ንዝሃብኩምና  ዝርዝር ሓሳባት ብስመይ ብስም ደምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራን ሰማዕትን ኣመስግን የቐንየለይ።*

*ብ/ሓረስታይ፣ እቲ ግዜ ሓጺር ብምኻኑ ከም’ቲ ዝድለ ሓሳብና ኣስፊሕና ክንገልጽ’ኳ እንተዘይከኣልና፣ ነዚ ዕድል’ዚ ስለ ዝሃብኩምና ኣዚና ኢና ነመስግን። ንሳትኩም ድማ ነዚ ከም’ዚ ዝኣመሰለ ዕድላት፣ ናብ ህዝቢ ንምምሕልላፍ ከተካይድዎ ዝጸናሕኩምን ዘለኹም ቀሊል ዘይኮነ ስራሓት ካብኡ ብዝሓነነ ክትቅጽልዎ ነተባብዓኩም የቐንየለይ።*

*ብ/ሙሉ፣ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ መቓልሕ ውጹዕ ህዝብና ብምኻን ተካይድዎ ዘለኹም ቃልሲ ዝምጎስ’ዩ ንዝተዋህበና ዕድል ድማ ኣመስግን የቐንየለይ።*

*ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ*

*ወርሒ ጥሪ* 2012